# ንውሕስነት ናብ ገምገም ባሕሪ ካትቫይክ




Katwijk

KNRM

KATWIJKSE REDDINGSBRIGADE

**ገምገም ባሕሪ ካትቫይክ ብዙህ ዘወፍዮ ነገራት አለዎ ከም ጸሓይ ምጽላው ምሕ ምባስ ምጽዋትን አብ ገምገም ባሕሪ ምዝንጋዕ ዘአመሰለ :ነገር ግን ተጠንቀቕ ባሕሪ ኸዳዕ ምኻኑ አይትዘንግዕ ን ናይ ምሕምባስ ክእለት/ልምዲ ንዘይብሎም ሰባት ባሕሪ ሓደገኛ እዩ ን በይንኻ/ኺ አብቲ ማይ አይትእተዉ/አይትሓምብሱ ነን ሓድሕድኩም ተሓላለዉ እቲ ሰብ ካብ ዓይንኹም አይርሓቕ::**

KATWIJKSE REDDINGSBRIGADE





## ትሑት ማዕበልን ምጭንጋዕ ባሕሪን

ትሑት ማዕበልን ምጭንጋዕ ባሕሪን እተን ዕበይቲ ሳዕቤናት ናይ ብርቱዕ ውሑጅ እየን ::
አብ መድሕን ብሪጌድ ገምገም ባሕሪ ካትቫይክ ጊዜ ናይ ልዑልን ትሑትን ማዕበል ሓበሬታ ይርከብ ከምኡ ውን አብ ዌብሳይት ናቶም **www.krb.nl**

## ብጫ ባንዴራ : ሓደገኛ !
## ቀይሕ ባንዴራ : ክልኩል !

አብእዋን ብርቱዕ ማዕበልን ውሑጅን ዓሚቕ ማይ ገምገም ባሕሪን አብ መድሕን ብሪጌድ ገምገም ባሕሪን አብ ቴንዳታትን ብጫ ባንዴራ ይስቀል አብዚ እዋን እዚ ምሕምባስ ኣዚዩ ሓደገኛ እዩ;:
አብ ሓደገኛን ልዑል ማዕበልን ውሑጅን ሕማቕ ኩነታት ኣየርን ቀይሕ ባንዴራ ይስቀል: **አብዚ እዋን እዚ ምሕምባስ ኣዚዩ ክልኩል እዩ::**



## ዓሚቕ ማይን ንፋስን

አብቅድሚት ገምገም ባሕሪ ካትቫይክ ስሩዕ ደንደስ ሑጻ ተዘርጊሑ ይርከብ: አብ እዋን ትሑት ማዕበል ልዕሊ ማይ ወጺኡ ይረአ:: አብ ሞንጎ እቲ ስሩዕ ደንደስ ሑጻ ከፋትን ዓሚቕ ማዕጾታት ይርከብ: በዘን ማዕጾታት እዚአን ጌሩ እቲ ማይ ብ ብርቱዕ ሓይሊ ይውሕጅ:: አጋጣሚ ኮይኑ አብዘን ማዕጾታት እንድሕር በጺሕካ ነቲ ብርቱዕ ውሕጅ ተኸቲልካ ሓምብስ: ብድሕሪኡ አብቲ ብርቱዕ ማዕበልን ውሑጅን ዘይብሉ ማእከል ባሕሪ ክትበጽሕ ኢኻ ብድሕሪኡ ጎኒጎኒ እንዳሓምበስካ አብቲ ገምገም ባሕሪ ትበጽሕ::

መብዛሕቱ እዋን አብ ገምገም ባሕሪ ንፋስ አሎ እቲ ንፋስ ካብ ባሕሪ ናብ ምድሪ ገጹ ክነፍስ ኮሎ ብርቱዕ ልዑል ማዕበል ይፋጥር:: እቲ ንፋስ ካብ ምድሪ ናብ ባሕሪ ገጹ ክነፍስ ኮሎ ትርር ዝበለ ማዕበል ይፋጥር ከምዚ ዓይነት ንፋስ ክህልው ኮሎ ናብ ገምገም ባሕሪ ገጽካ ተመሊስካ ንምሕምባስ አጸጋሚ እዩ አብዚ እዋን እዚ አዚኹም አርሒቅኩም ናብ ማእከል ባሕሪ አይትኺዱ::

## ሓበሬታ ሓደ ሰብ አብ ህጹጽ ኩነታት ክኸውን ኮሎ

- ነቲ ዝጥሕል ዘሎ ሰብ ካብ ዓይንኻ ዘይምፍላይ::
- ካልእ ሰብ ናብ 112 ከምዝድውል ግበር: ሓገዝ ከምዝጸዋዕካ ሓበሬታ ሃብ::
- አብቲ ገምገም ባሕሪ ንዝርከቡ ካልኦት ሰባት ሓበሬታ ሃብ ክሕግዙኻ ካአ ሕተቶም::
- ካልእ አማራጺ ዘይብልካ ክኸውን ኮሎ ጥራይ አብቲ ማይ እተው: ከምኡውን ናይ ምሕንባስ ኪኢላ ክትከውን አለካ: ብተወሳኺ አብቲ ማይ ክትአቱ ከለኻ ካልኦት ሰባት አብቲ ገምገም ባሕሪ ከምዝረዩኻ ርግጸኛ ኩን::
- እንድሕር ኪኢልካ ገለ ጸምበለል ዝብል ነገር ከም ብኣየር ዝተመልአ ዓራት ጎማ መሳሊ ሰንድው/ተማላእ ::
- ንነብስኻ አብ ሓድጋ ከይትወድቅ ተጠንቀቅ::

## ቆልዑት: ካብ ቅድሚ ዓይንኻ ዘይምፍላይ

ቆልዑት ምእንቲ ነብሶም ክሕግዙ ተባሂሉ አብቲ ገምገም ባሕሪ ስእሊታት ናይ ጃልባ, ኩዑሶ, አይስክሬም, ክምኡውን ካልኦት ምስልታት ዘለዎ ሰማያዊ ታቤላታት ይርከብ:: ነፍስ ወከፍ መእተዊ ገምገም ባሕሪ ናይ ገዛእ ርእሱ ዝኾነ ምስሊ/ስእሊ አለዎ:: አበየናይ ታቤላ ከምትርከቡ ንደቅኹም ሓብሩ:: ዝጠፈኡ ቆልዑት አብ መድሕን ብሪጌድ ገምገም ባሕሪ ክንክን ይግበረሎም:: አብ መድሕን ብሪጌድ ገምገም ባሕሪ ናይ ሕቶ ምልክት ዘለዎ ባንዴራ እንድሕር ሪኢኻ ዝጠፍአ ቆልዐ አሎ ማለት እዩ:: ካብ መድሕን ብሪጌድ ገምገም ባሕሪ አብ ኢድ ደቅኹም ዝእሰር መለለይ መጽሓፊ ስምን ቁጽሪ ስልኪን ብነጻ ክትወስዱ ትኽእሉ ::
ቁጽሪ ስልክኹም ጽሓፉ እንተ ደኣ ደቅኹም ጠፊኦም ረኺብናዮም ክንድውለልኩም ምእንቲ::

## ተወሳኺ ሓበሓሬታ

- **መድሕን ብሪጌድ ገምገም ባሕሪ ካትቫይክ www.krb.nl**
  ዝኾነ ሕቶ እንተ ደኣ አሊኩም ብዛዕባ ገምገም ባሕሪ, ባሕሪ ,ማዕበል, አብ ቤት ጽሕፈትና መጺኹም ክትሓቱ ትክእሉ: ወይ ካአ ብስልኪ ደዊልኩም ከትሓቱ ትኽእሉ ደቡባዊ ቤት ጽሕፈትና (071) 401 26 09 ወይካአ ሰሜናዊ ቤት ጽሕፈትና (071) 402 79 99.
- **ናይ ንጉሳዊት ኔዘርላንድ መድሕን ማሕበር: www.knrm.nl**
  Knrm 24 ስዓት አብ መዓልቲ ብቴሌፎን ንርከብ::